# ግፍዒ ህ.ግ.ዲ.ፍ ኣብ ልዕሊ
# ኤርትራን ህዝባን

## ሓሙሻይን መወዳእታን
## ክፋል

## ዘይተመጣጠነ ውሽጣውን ወጻእን ዝምድናታት ኣብ ህንጻ ሃገር


ምስ ህዝቢ ዘይተዛመደ ህንጻ ሃገር
ሰላም ዘይብሉ ህንጻ ሃገር
ራህዋ ዘይብሉ ህንጻ ሃገር
ፍትሒ ዘይብሉ ህንጻ ሃገር
ህዝቢ ዘይረብሓሉ ህንጻ ሃገር


ሓንቲ ኣብ መሰረታዊ መደብ ህንጻ ትርከብ ሃገር፡ ዘለዋ ውሽጣውን ግዳማውን ዝምድናታት ልዑል ኣገዳስነት ኣለዎ። ነዚ ብምዝልከት ትሕት'ለ ክገልጸ ክፍትን'የ።

ህ.ግ.ሓ.ኤ ደሓር ህ.ግ.ዲ.ፍ ገና ኣብ ሜዳ ኤርትራ ዘይተመጣጠነ ዝምድናን ኣፈታትሓ ግርጭታትን ብምጥቃም ፥ ብዝሓለፈ ከይኣክል፡ ገና ስርሐይ'ሎም ተዓጢቐሙሉ ክሳብ ሎሚ ኣብ ክሊ ውሑዳት ጉጅለ ዝሰርሕሉ ዘለዉ ሃሳይ ዝኸነ ውሽታውን ግዳማውን ዝምድናታት'ዩ።

ህ.ግ.ዲ.ፍ ኣብ ዳግመ ህንጻ ሃገር፡ ምስ ዝኾነ ይኹን ኤርትራዊ ፖለቲካዊ ሓይሊ ዝምድና ዘይነበሮን ዘይብሉን፡ ንበይኑ በቲ ሒዝዎ ዝኸይድ ዘሎ በሓቲ መስመር መስርሕ ክቅጽል ዝደልን'ዩ።

ህ.ግ.ዲ.ፍ ንበይኑ፡ ባዕሉ ብሓይሊ ብዝመንጠሎ ስልጣን ከም ወኪል ህዝቢ ኤርትራ ይርከብን ይረኣይን እንሆ። ቅድም ክብል'ውን ፕረሲደንት፡ ልቢ ኣዕቢና ንቃል ዓለም ዝበልናዮ፡ ነጻነት ኩልና ተቃሊስና ኣምጺእናዮ እንተበልና ሓቂ ኣይኮነን ክብል ዝተዛረቦን፡ ህ.ግ.ሓ.ኤ በይኑ ከም ዝተቃለሰ ዘምስል ኣብ ማእከል ህዝቢ መግልጺ ዝሃበሉ ኣብ ኤርትራ ሳሕቲ ዝስማዕ ኣይኮነን። ቀጺሉ ድማ ነቲ ፖለቲካዊ ሓይልታት ንምቕንጻል ዝተጠቕመሉ ኮይኑ ፥ ከም ፖለቲካዊ ሓይሊ ኮይኑ ዝቀርብ ንባህግታት ስልጣኑ ከርዊ እንተዘይኮይኑ ካልእ ሓንቲ ትርጉም የብሉን ክብል ኣብ ዝሓለፎ ናይ ጋዜጣዊ ዋዕላ ይዛረበሉ።

መንግስቲ ህ.ግ.ዲ.ፍ ኣብ ኤርትራ ብፖለቲካ ዝዛረብ ሓይሊ የልቦን ክብል ዘቕረቦ፡ እቲ ሓይልታት ካብ'ቲ ይኽኣሎ ኣይኽኣሎ፡ ካብ ምምስራት ግዚያዊ መሰጋገሪ መንግስቲ ኤርትራ

ኣትሒዙ፡ ሓባራዊ ኤርትራዊ ዋዕላ ብምግባር እቲ ኣብ ኤርትራ ክትከል ዝነበሮ ስርዓት ከኣ ብሽርክነት ኩሉ ፖለቲካውያን ሓይልታት ክምስረተሉ ዝኽእል ሓቐኛ መስርሕ፡ ፖለቲካዊ ዝምድናታትን መቀራረቢ ክኸውን ዝነበሮ ኣገዳሲ መድረኽ ክነሱ ክምዝነሉን ክግምገመሉን ዝነበረ ክነሱ ፡ ብኣተሓሕዛ ህ.ግ.ዲ.ፍ ህላውነት ታሪኽ ዝረሰዐ ትሕዝቲ ዜሮ ዝኸደ ኣሰራርሓ ዝምድና ገበርዎ።

እቲ ጉዳይ በቲ ህ.ግ.ዲ.ፍ ፖለቲካውያን ሓይልታት ወይ ተቃወምቲ የለዋን ዝብሎ ርኡይ ሓሶት ጥራሕ ዘይኮነ፡ ኣብ'ቲ ፖሊሲ ህ.ግ.ዲ.ፍ ኣብ ዓንቐጽ ዝምድናታት ፖለቲካውያን ሓይልታት ኤርትራ ዝብል ስሩዝን ወይ ድማ ባዶ ዝተረፈ፡ ፍሹል ኣሉታዊ ፖለቲካውን ፕሮፓጋንዳ ህ.ግ.ዲ.ፍ ዝነቐለ'ውን'ዩ።

ህ.ግ.ዲ.ፍ ምስ ፖለቲካውያን ሓይልታት ተቐራሪቡ ክሰርሕን ክመክርን ይረፍ፡ ንምእንቲ ግበታ ብሕታዊ ስልጣን ተቃወምቲ ሓይልታት ንምጥፋእ ብምቕንጻልን፡ ብምጭዋይን ካብ ናይ ሕቡእ ኣወጅ ዠናት ዝደሓነ'ውን ኣይኮነን።

ኣፈጣጥራን፡ ኣካይዳን ህ.ግ.ሓ.ኤ ሰኒሑ ህ.ግ.ዲ.ፍ ብኸመይ ከም ዝነበረ ብዙሓት ዝተዛረብሉን ብምኻኑ ኣብ ዕሙቐት ታሪኽ ኣትየ ግዜ ክወስደልኩም ኣይደልን። እንተኾነ ኣገዳስነት ንዘለዎ ገምጋም ንምግባር ነዚ ዝስዕብ ክጠቕስ እፈቱ።

## ጉዳይ ውሽጣዊ ዝምድናታት

ኣብ ሓደ ውድብስ ይትረፍ ኣብ ሓንቲ ስድራ'ውን ናይ ዝተፈላለየ ድሌትን ባህግን ክህሉ ስለ ዝኽእል፡ ብማዕሪኡ ኣብ ሓደ ውድብ ክህሉ ዝኽእል ፍልልያት ናይ ኣተሓሳባን ኣካይዳን ዝተዓጻጸፈ ከም ዝኸውን ርዱእ'ዩ።

ነዚ ዝተፈላልየ ኣተሓሳስባን ኣረኣእያን ኣብ ሓደ ርጉእ ኩነት ንምምጽኡ ግን ኣብ መንጎ ሰባት ክህሉ ዝኽእል ዝምድናታት ኣብ ነጻነት ዝተሰረተ እንተኾነስ ኣብ ዝሓሸ ምርጫ ከም ዝወድቕን፡ ብኡ መሰረት ከኣ ዝሓሸ ውጽኢት ከም ዘምጽእ ርዱእ እዩ።

ኣብ ክሊ ህ.ግ.ሓ.ኤ እንተረኣና ግን ኣብ ዝሓለፈ ታሪኽ ይኹን ሕጂ ጠጠው ዘይበለ ቀንጻሊ፡ ጸረ ሰብኣዊ ክብሪ ዝኾነ መስመር ተኸቲሉ ዝኸይድ፡ ምስ ህዝቢ ይኹን ፖለቲካውያን ሓይልታት ዘለዎ ዝምድናታት ዘይተመሓየሸ'ዩ።

ህ.ግ.ዲ.ፍ ኣብ መንጎ ሓይሊ፡ ኣብ መንጎ ጭቆናን ማእሰርትን ዝኣምን ኣረጊት ስነ ሓሳብ ሒዙ ዝኸይድ'ዩ። እዚ ስለ ዝኾነ ከኣ ኣብ ሙሉእ ታሪኽ ህ.ግ.ሓ.ኤ 1970 ክሳብ ህ.ግ.ዲ.ፍ 2007 ዝነበሩ መራሕቲ ውድብ ይኹኑ ሰልፊ ናይ ኣተሓሳስባን ኣተገባብርኡን ቅዲ ዘይቕይር ምኻኑ ኣብ ውሽጢ 37 ዓመት ብዘይካ ክልተ መራሕቲ ከኣ ካልኦት ዘይተሓወስዎ ዘርኢ ማዕረ ክንደይ ካብ ዝድምናታት ኣባላት ውድቡ፡ ኣባላት ሰልፉ፡ ህዝቡን ዝረሓቐ ምልካዊ ኣካይዳ ዝኽተል ምኻኑ ጽቡቕ ኣብነት'ዩ።

እዚ ውድብ ወይ ሰልፊ ኣብ ውሽጡ ተጸዋርነት ዘየርኢ፡ ካብ'ቲ ውድብ ወጻኢ ንዘሎ ኣተሓሳስባን ኣረዳድኣን ክቕበል፡ ክሰምዕ፡ ከም ዘይክእልን፡ ተጸዋርነት'ውን ዘይብሉ ጸረ ህዝቢ'ዩ።

ህ.ግ.ዲ.ፍ ኣብ ልዕሊ መሰረታት፡ ሓለፍቲ ተቃወምቲ ሓይልታት ወትሩ ብዝወስዶ ስጉምቲ ጭውያን ቕትለትን ጥራሕ ኣይኮነን ዝልለ፡ ኣብ ውሽጡ'ውን ካብ'ቲ ብግዳም ዘንጸባርቕ ተግባራት ዘይፍለ ዘካይዶ ዝምድናታት መሪሕነት፡ ምስ ኩሉ ወገናት" ምስ ኣባላቱ፡ መሓዙቱ፡ ውድባት፡ ህዝቢ በሪሁ ዝረአ'ዩ። በዚ ከኣ እቲ ስርዓት ዘለዎ ዝምድናታት ትሕቲ ባዶ ምዃኑ'ዩ።

እዚ ዝምድናታት ኣብ ዳግመ ህንጻ እንታይ ግደን ተራን ኣለዎ ? ወዮ ደኣ ህ.ግ.ዲ.ፍ ዝሓለፎ ታሪኽ ረሲዑ'ምበር፡ ዝምድናታት ውድብን ህዝብን ይትረፍስ ኣብ ጉዳይ ሃገር፡ ኣብ ሓንቲ ዒላ ንምዃዓት ዝካየድ ወፈራ'ኳ ማዕረ ክንደይ ሓጋዚ ምዃኑ ዘርኢ ኣብነታት ክጥቀስ ይኽእል'ዩ። ብዓብዩ ሰውራ ኤርትራ ብዘይ ህዝባዊ ደገፍ ክዕወት ይኽእል ከም ዘይነበረ ዝተፈልጠ፡ እቲ ምስ ህዝቢ ዝነበረ ሰናይ ዝምድናታት ከኣ ኣብ ክንደይ ዓወት ኣብጺሑ። ኣብ መወዳእታ ግን እቲ ሕቡእ ኣጀንዳ ህ.ግ.ዲ.ፋውያን ነቲ ሙሉእ ነጻነት ዝተጓናጸፈ ህዝቢ በዚ ሎሚ ዝረኣዮ ዘሎ ኩነታት ክርመስ ገይርዎ።

ድሕሪ ነጻነት ህዝቢ ኤርትራ ካብ ዘጓነፎ ሓደጋታት ጥሜት ይኹን ካልእ ዘይተጸበናዮ ተርእዮታት፡ ወዮ ደኣ ብብዝሒ ዝዝረበሉን ነቲ መንእሰይ ኮይኑ'ምበር ..... ኣብ ኤርትራስ

ሀ/ መራሕቲ ሃይማኖት
ለ/ ምሁራት
ሐ/ ኣደታትን ኣቦታትን
መ/ ፖለቲካውያን መራሕቲ ህ.ግ.ዲ.ፍ ይኹኑ ካልኦት
ረ/ መንእሰያት

ክእሰሩን፡ ተኣሲሮም ዝርከብሉ ቦታ ዘይፍለጥ፡ ምስ ስድራ ቤቶም ክራኸብሉ ዘይዕድም፡ ገገለ ክሳብ ሞት ዝበጽሑ ንቡር ፈነወ ስድራ ዘይረኸቡን፡ ካብ ሃገር ክስደዱ ተገዲዶም ጥራሕ ዘይኮነስ ተሰጒጎምን፡ ውጹ ተባሂሎምን እዮም። ንኤርትራ ከም ዘይምለሱ ተፈሪዶም።

እዚ እቲ ሓፈሻዊ ዝምድና እቲ ስርዓት ምስ ህዝቢ ነዚ ዝመስል ክኸውን እንከሎ፡ ብኣንጻር ናይ'ዚ ሕጂ ዝኸይድ ዘሎ ናይ'ዚ ኩሉ ሓይልታት ጥቡቕ ዝምድና ኣብ ዳግመ ህንጻ ሃገርን፡ ቅሱን ማሕበራዊ ናብራን ርጉእ ፖለቲካዊ ኩነታት ክህልዎ ዝኽእል ዝነበረ ዕድላት ማዕረ ክንደይ ሓያል ምዃኑ ብመሰረት ምሕያል ናይ'ቲ ሎሚ ኣብ ኤርትራ ዝረአ ጥምየት፡ ሕማም፡ ድንቊርና፡ ማእሰርቲ፡ ስደት ብግምጣሉ'ዩ። ግን እዚ ኣይኮነን በዚ መሰረት ከኣ እዚ ስርዓት ዘለዎ ኣገባብ ኣተሓሕዛ፡ ምልካዊ፡ ምስ ህዝቡ ዝምድና ዘይብሉ ምዃኑ ብብሩህ ዘርኢ'ዩ።

ህዝብን መንግስትን ኣብ ነጻ ባይታ ዝራኸብሉ ካብ'ቲ ብዙሕ ክህሉ ዝኽእል ኣብነታት፡ <u>ቀዳማይ ኣብ ግዜ ምርጫ፡</u> <u>ካልኣይ ኣብ ቤት ፍርዲ።</u> <u>ሳልሳይ ከኣ ኣብ መዓልታዊ ናብራ'ዩ።</u> እዚ ሰለስቲኡ ግን ኣብ ኤርትራ የለን። እቲ ህዝቢ ምስ ፖለቲካ ይኹን ኣብ ልዕሊኡ ንዝወርድ ብይን እንተዘየህሊዎ እቲ ጉዳይ ዝምድና ባዶ'ዩ ክበሃል ይከኣል። ህዝቢ ምስ መንግስቱ ዘለዎ ዝምድና ኣብ ትሕቲ ባዶ ዝወረደ እንተኾይኑስ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ስርዓት እንታይ ምዃኑ ንምፍላጥ ዘጋጊ ኣይኮነን። እዚ ማለት ከኣ ኣብ ኤርትራ ምካዊ ስርዓት ኣሎ።

## ጉዳይ ወጻኢ ዝምድናታት

ዝምድናታት ደቂ ሰብ መሰረት ዘለዎ'ዩ፡ ብኡ ደረጃታት ከኣ ዝህነጽ ዝምድናታት ናይ'ቲ መሰረት ታሪኻዊ፡ ይኹን ካልእ እቲ ዝምድናታት ክዓቢ ትርእዮ። ካብ ጎነጽ ክድሕን ትርእዮ። ኣብ ገገለ መዳያት ጌጋታት ክፍጸም ዕድል ክህበካ ትርእዮ፡ ሕድገት ክግበር ትርእዮ፡ ካብኡ ሓሊፉ ከኣ ዕጽፊ ደጋፍት፡ ምትሕብባር፡ ክግበር ትርእዮ፡ እዚ ግን ኣብ ሓቐኛን ዲሞክራሲያውን ግሉጽነት ዘለዎ ዝምድናታት ዝተመስረተ ምስ ዝኾውን ጥራሕ'ዩ።

ኣብ ዕድመ ነጻነት ሃገርን ህዝቢ ኤርትራን ኣብ ኤርትራ ዝተራእየ ጉዳይ ወጻኢ ዝምድናታት ኣብ ክንደይ ፍሽለትን ዥናትን፡ ከም ውጽኢቱ ድማ ምብትታን ስድራ ቤታትን ንብረትን ከም ዝተራእየ ዝከሓድ ኣይኮነን።

ጉዳይ ወጻኢ ዝምድናታት ኣብ ዳግመ ህንጻ ሃገር ዘለዎ ግደ እንተ ተኻሒዱ፡ መሳሪሒ ዳግመ ህንጻ እታ ሃገር ኣብ ምንታይ ዝተመርኰሰ ምኻኑ ኣብ ዝይርደኣካ ኩነታት ምህላዉ'ዩ። ዝምድናታት ንገንዘብ ሃብቲ፡ ሓጎስን ጥራሕ ኣይኮነን ትጽበዮን ትደልዮን፡ ዝምድናታት ንጥሜት፡ ሕማም፡ ስእነት'ውን ንትረኸበሉ ምኽሪ፡ ንትረኽበሉ ደጋፋትን ሰናይን ጽቡቕ ዝምድናታት'ዩ።

ሕቶ ዝምድናታትን ጻዕሪታቱን ከም ብኣብነት ክጥቀስ ዝኽእል ሓደ ጉዳይ ነጻነት ኤርትራ ብዝምልከት'ዩ። ድሕሪ ካልኣይ ውግእል ዓለም ነተን ኣብ ትሕቲ ግዝኣት ባዕዲ ዝነበራ ሃገራት ብፍላይ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ከም ጣልያን ዝነበራ ሃገራት ነጻ ክወጻ ዝብል ናይ ሓለፍቲ ጉዳያት ወጻኢ ርእሰ ሓያላት ሃገራት፡ ንኤርትራ  ካብ ዝምልከት ጉዳይ ብምንባሩ፡ ጣልያን ብዓባይ ብርጣኒያ ተሳዒራ፡ ካብ ትወጽእ ክሳብ'ቲ ንነጻነት ዝጀመረ ብረታዊ ተጋድሎ ናይ 19 ዓመትን ኣስታት 7 ወርሕን ፍልልይ ነበሮ።

ኣብ ግዜ ኣርባዓታት ናይ 19 ዓመት ኤርትራውያን ዘካይድዎ ዝነበሩ፡ ሰላምዊ ፖለቲካዊ ቃልሲ ዓብይ ናይ ወጻኢ ዝምድናታት፡ ምስ መንግስቲ ዓባይ ብርጣኒያ፡ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ፡ ጸኒሑ ምስ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ከምኡ ምስ መንግስታት ሱዳንን ኢትዮጵያን፡ ብፍላይ ምስ መራሕቲ ሰልፍታት ዓብይቲ ሃገራትን ጋዜጠኛታትን'ዩ። እቲ ዝካየድ ዝነበረ ዝምድናታት ካብ'ቲ ኣብ ኤርትራ ንነዊሕ ዓመታት ዝሓለፈ ጨኻን ሹናት ንምግልጋልን፡ ኣብ ሓደ ሰላማዊ ሂወት፡ ፍቕርን ሰናይ ጉርብትናን ዝተመስረተ ክኸውን ክንደይ ጻዕሪ ተኻይዱ። ብሕጽር ዝበለ ነዚ ክዝክር ዝገደደኒ እቲ ንሰላም ዝደሊ ክኸዶ ዘለዎ መስርሕ ሰላም ማዕረ ክንደይ ነዊሕ ምንባሩ'ዩ።

እዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ኩነታት ህዝብና ሎሚ ክትርእዮ እንክሎኻ፡ ስርዓት ህ.ግ.ዲ.ፍ ኣብ ውሽጢ ዓመታት ዘይመልእ ዕሽል መዋእል ነጻነት ምስ ክንደይ ሃገራት ክፈትሖ ዘደለየ ጉዳይ ብጎነጽ ጥራሕ ይፍትን  ምንባሩ ተራእዩ።

ምስ የመን 1996
ምስ ሱዳን 1997
ምስ ኢትዮጵያ 1998

ምስ ውድብ ሓድነት ኣፍሪቓ፡ ምስ ኢ..ጋ.ድ፡ ምስ ካልኦት ቁጽሪ ዘይብሎም መንግስታት ኣብ ዲፕሎማሲያዊ ዅናት ከም ዝጸመደን ውጽኢቱ ከኣ ህልቀት ህዝብና፡ ምዝንባል መነባብሮ ህዝብናን ከም ዝኾነ ተራእዩ። ክሳብ ሕጂ'ውን ውጽኢቱ ኣብ ምንታይ ክድምደም ዘይፍልጠሉ ይረአ ኣሎ።

እዚ ጉዳይን፡ ንዕኡ ዝመሳሰለን ኣብ ዳግም ህንጻ፡ ኣብ ህዝብን ሃገርን፡ ኣብ መዓልታዊ መነባብሮ ሓንቲ ስድራ ቤት እንተኾነ'ውን ዘለዎ መንጸብረቕታ ሕሰም ናብራ ማዕረ ክንደይ ምኳኑ ክንምስክር በቒዕና ኣሎና። እሞ እቲ ዝምድናታት ዘይምትዕርራይን ዘይምምሕያሽን፡ ተመጣጣኒ ዘይምኳኑ ዘውርዶ ሓደጋታት እንዳተፈልጠ፡ ህዝቢ ከም ሳዕቤናት'ዚ ጉዳይ ሓመድ እንዳላሕሰ ሰኞ ምብላ ናይ ብሓትነት ስልጣን፡ ጥራሕ ዕግበት ዝተሰምዖ ምልካዊ ስርዓት፡ ድሌቱ ዝፍጽመሉ ዘሎ ጸረ ሰብኣዊ ክብሪ፡ ጸረ ሰላም፡ ጸረ ሕውነታውን ጉርብትናን ዝምድናታት መቀጸልትኡ ንዘይተወሰነ ግዜ ክርኢ ዝደሊ ጥራሕ ምኳኑ'ዩ።

እዚ ዘይተመጣጠነ ውሽጣውን ግዳማውን ዝምድናታት ነታ ሃገር ኣብ ምንታይ ይመርሓን፡ ከብጽሓን ምኳኑ ናይ'ቶም ዝሓለፉ መለኽቲ ስርዓታት፡ ስርዓት ህ.ግ.ዲ.ፍ ዘደግሞን ዝኸተሎን ዘሎ እከይ ተግባራት ታሪኽ ምዕዛብ ኣካሊ'ዩ።

ህዝቢ ነዚ ጉዳይ ርእዩን መዚኑን ከኣ ንድሕነቱን፡ ንድሕነት ሃገሩን፡ ታሪኻዊ ክብሩን መኸሰባቱን፡ ዳግማይ ኣንጻር ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ዲ.ፍ ጠጠው ምባል፡ ሕጋዊ ፖለቲካዊ ውክልነቱ፡ ኣብ ሃገሩን ባይትኡን ብስርዓትን ሕጊ ተኺሉ ብሰላም ናይ ዝነብረሉ ብልሓት ክርኢ ይግባእ።

ክንዕወት'ና

19 ሚያዝያ 2007
ኣንቶንዮ ተስፋይ